# Fundraising For Displaced Tegaru by Tegaru and Friends of Tegaru in Northern California

We, Tegaru and friends of Tegaru, residing in the Bay Area and its vicinity met on March 30, 2019 in San Jose, California to raise funds for displaced Tegaru who were inhumanly and illegally displaced from different parts of Ethiopia. The gathering shows great solidarity and readiness to morally and financially support the victims who are neglected by the federal government and aid organizations. The fundraising drive was organized by Tegaru Diaspora Council Northern California (TDC-NC) in collaboration with Tigray Community organizations.

It's disheartened to see children, mothers and the elderly on the street hopelessly and nowhere to go to. Most of them don't have anything to support their family with the basic necessity to survive such as shelter, food, and clothing. They were denied the right to live and work in their homes due to their Tigrean ethnicity. Sadly enough, the federal government has done very little or nothing to protect them from being attacked, killed and uprooted from their homes. To add insult to injury, those who loot, burn and destroy their properties were not brought to justice.

The attendee understood the urgency and need of the victims because they have been, at one time, victims of illegal displacement and lived in refugee camps with very little options to lead life; they were refugees in Sudan, Djibouti, Somalia, and Kenya.

Knowing that helping our people financially is the least we can do, the community raised **$46,427.65** (Forty Six thousand four hundred twenty-seven and 65 cents). The organizers appreciate everyone who donated the money and it will be transferred to an account in Tigray managed by a committee to rehabilitate our displaced citizens.

Finally, the community pledges to continue its support and do everything to bring those responsible for the crime to justice.

TDC-NC and Tigray Community Organizations

April 16, 2019

ተጋሩን ፈተዉቲ ተጋሩን ነበርቲ ቤይ ኤርያን ከባቢኣን ብኣቃጻጽራ ፈረንጂ ማርች 30፣ 2019። ኣብ ከተማ ሳንሆዜ ግዝኣት ካሊፎርንያ ህዝባዊ ዋዕላ ኣካይድና። እቲ ዋዕላ ካኣ ካብ ዝተፋላለየ ከባቢ ኢትዮጵያ ንዝተማዛበሉን/ዝተፋናቐሉን ወገናትና ናይ ገንዘብን፡ ሞራልን ሓገዝ ንምትሕብባር እዩ ነይሩ። ተጋሩ ሎሚ'ውን ከምቐደምና ሕብረትናን ሓድነትናን እንሕይለሉ ዕለት ነይሩ፡ ፀላእትና ብዝተፋላለየ መንገዲ ተጠቒሞም ዕድል ኣብ ዝረኸብሉ ግዜ መርዞም ክነዝሑልና ምኻኖም ጉሁድ ሓቒ እዩ፡ ከምቐደምና ስምረትና ይደልድል። መዳለዉቲ ናይዚ ህዝባዊ ባዓል ብተጋሩ ድያስፖራ ኮንስል ሰሜን ካሊፎርንያ ከምኡ'ዉን ኩሉን ማሕበራት ናይ ተጋሩ ኣብ ዝኸባቢ ዝርከባ ተዳልዩ።

ኣብ ኢትዩጵያ ዝካይድ ዘሎ ወድዓዊ ኩነታት ብፊላይ ካኣ ብሄር ተኮር ንተጋሩ ኣብ መንቀርቂሮ ኣእትዩም ናይ ስነ-ኣእምሮ ጉድኣትን፡ ምሽቑራርን ምፊጣር እዩ እቲ ዋና ዕላማኦም። በዚ ምኽንያት ብምግባር ኣብ ዝተፋላለየ ኢትዮጵያ ዝነብሩ ዝነበሩ ተጋሩ ካብ መረበቶም ተፋናቒሎም ኣብ ጎደናታት ተድርብዮም ይርከቡ። እቲ ዘሔዝን ካኣ ኣረጋዉያንን ህፃዉንትን ይርከብዮም፡ መብዛሕቶኦም ካኣ ንቤተ-ሰቦምን ንባዕሎምን ዘፅልሉ ገዛን፡ ዝበልዕዎ ምግብን፡ ተፀግሞም ይርከቡ። ናይዞም ወገናት እዝኣቶም ብየቶምን፡ ንብረቶምን ተቓፅሉን፡ ዓንዩን እዩ። ገላግልኦም ተመዛበልቲ ካኣ ካብ ትግራይ ካብ ዝወፁ ብዙሕ ግዜ ዝገበሩ እዩም፤ ገልኦም ካኣ ጠቕላላ ኣብ ትግራይ ዘይተወለዱ እዩም፤ ግን ኩሎም ብማዕረ ተፋናቒሎም፡ ስለምንታይ፡ ተጋሩ ስለዝኾኑ ጥራሕ። ናይ ኢትዮጵያ ሕጊ-መንግስቲ ንኩሉ ኢትዮጵያዊ፡ ኣብዝደልዩ ክነብርን ክሰርሕን ዝተደገገን/ዝፀደቐን እኳ እንተኾነ፡ ኣብዚ ኣዋን ዙይ ግን ሕጊ ኣሎ ዶ እልካ ዘሐቲት እዩ። ብዘሔዝን ኩነታት ህይወት ሰብ ከም ተመን እንዳ ተቐጥቐጠ፤ ንብረት እንዳተቓፀለ፡ ከምኡ'ዉን ዘይሕጋዊ ምፊንቓል ዳርጋ ልሙድ ከይኑ ኣሎ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ግን ጥርቕም ክብል መሪፁ ኣሎ።

ኣብ ቤይ ኤርያን ከባቢኣን ንርከብ ተጋሩ ነዚ ኩነታት ብዕምቐት ንፈልጦ ኢና ምኽንያቱ ካኣ ብዙሕ ሕብረተ-ሰብና ኣብ ደንበ ስደተኛታት ወይ መዓሰከራት ሱዳን፡ ጁብቲ፡ ሶማልያን፡ ኬንያን ዝተካፈለ እዩ። ብምንታይ ሓደ ይገብር ንዝብል ሕቶ፡ ካብ ሙዉቕ ገዛኻ እንድሕር ወፅእኻ ክበረት ስለዘየለ ሓደ ይገብር። ብዝያዳ ካኣ እቶም ኣብ ህዝቢና በደል ዘዉርዱ ዘለዉ ዕላማኦም ሓደን፡ ሓደን ስለዝኾነ፡ ንህዝቢ ትግራይ ምብራስን ምስኩናን እዩ። ኣብቲ ህዝባዊ ዋዕላ ዝነበሩ ታጋሩን ፈተዉቲ ተጋሩን ብጥቕላላ ናይ ሞራልን ገንዘብን ሓገዝ ኣብርክቶም ንቐፃሊ ዉን ንድሕርት ከምዘይብሉ ኣፍልጦም።

ናይቲ ባዓል መዳለዊ ኮሚቲ ተጋሩ ድያስፖራ ኮንስል ሰሜን ካሊፎርንያ ዝላዓለ ምስጋና ኣቕርቦም። ኣብቲ በዓልን ብዝተፋላለየ ናይ ሶሻል ምድያን ዝትኣከበ ገንዘብ ካኣ ብጠቕላላ **$46,427.65** (ኣርባዓን ሹድሽት ሽሕን፡ ኣርባዕተ ምእቲን ዕስራን ሸውዓተን ስሳን ሓሙሽተን ሳንቲምን) ተዋፅኡ። እቲ ገንዘብ ናብቶም ተፋናቒልቲ ወገናትና እግሪ ኣብምትካል ዝተጣየሸ ኮሚተ ዝውንኖ ህሳብ ቁጽሪ ክተሃላለፍ ምኻኑ ይገልጽ።

ኣብ መወዳእታ ሓገዝና ቀጻሊ ምኻኑን ኣብ ወገናትና ጥቅኣት ዝፈጸሙ ኣካላት ናብ ሕጊ ንምቅራብ ንኽእሎ ኩሉ ክንገብር ምኻና በዚ ኣጋጣሚ ከንህብር ነፈቱ።

ተጋሩ ድያስፖራ ኮንስል ሰሜን ካልፎርንያ፡

ኣፕሪል 16፤ 2019